# ጳውሎስ መንኣመኖ መን ኣመኖ፧ መን ከ ዘይኣመኖ፧

====////====////====////====////====

ሎሚ መዓልቲ ዕልተ 4 ግንቦት 2022 ዓ/ም/ፈ፡ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ከባቢ እንቁላል ፋብሪካ ኣብ ዝርከብ መንበሪ ቤት እንዳ ኣቶ እንየው (በዓል ቤተን ንወ/ሮ ሰናይት ጳውሎስ) ብመሰረት ዝነበረና ቆጸራ ተራኺብና-ኣብ ጉዳይ ወላዲ ኣቡኣን ሰፊሕ ታሪኻዊ ወግዕታት ኣውጊዕና ኢና።

ንግደ ሓቂ፡ ከም`ቲ "ፈጣሪ፡ስለ ኹሉ ዝተመስገነ ይኹን"-ዝብልዎ ኣበዋት ክበሃል እናሻዕ ንሰምዕ ኢና እማን ኸኣ ግሩም ብህሎ እዩ ድማ እብል።

ከም ኣነ ኸኣ ሎሚ ንዓመታት ሃረር ዝብሎ ዝነበርኹ ጉዳይ ሳላ ፈጣርን ሳላ ግዱሳት ወከፋትን ሰሊጡኒ ስለ ዝወዓለ፡ንፈጣሪ ከማሥዎ ግቡእን ንቡርን ብምዃኑ ኣቐዲመ ኤመሥግኖ ኣሎኹ።

እወ፡ኣብ መበል 20 ክፍለ-ዘመን ኣብ ምድረ-ሓበሻ (ኣብ ኣቢስኒያ)-ዉሑዳት ኣዝዮም



ጸለውትን ምሁራት ሰባትን ካብ ዝነበሩ ወከፋት ማእከል፡ ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ ሓደ ምንባሮም ብርክት ዝበሉ ተመራመርትን ጸሓፍትን ጠቂሶሞ ሓሊፎም እዮም።

ሎሚ-ሎሚ ግን ስም ዓቢይ ምሁር ነበረ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ክለዓል ከሎን መጽሓፎም ኣድሂቡ ክለዓል እንከሎ ተዘይኮይኑ ግቡእ ክብርን ኣፍልጦን ክወሃቦብ ብዙሕ ኣይረኣን እዩ፤ኣይስማዕን እዩ ክበሃል ይከኣል እዩ።

ከም ከማይ ተኰይኑ ድማ ዝርዕሞን ዘስምረሉን ጉዳይ እዩ።ታሪኽ ህይወት ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ ክፅሕፍ ቢለ፡ ካብ ዝለዓል ጊዜ ኣይቐለለንን እንተኰነ ንኹሉ ጊዜ ስለ ዘሎዎ ኣብ'ቲ ፈጣሪ ዝፈቐዶ ኹውን ይኸውን እዩ።ነዙይ ይመስል ነቲይ ዝነበረኒ መባእታዊ ክበሃል ዝክእል ሓበሬታቶም ሒደት ኣሳእሎምን ክድርዕን ከስፍሕን ዝክእል ብእኒ ወ/ሮ ሰብለወንጌል ሓጎስ ተወልደመድህን፣ብእኒ ዶ/ር ኪሮስ ሙሉን ጓሎም ወ/ሮ ሰናይትን ካልኦትን ተወሲኸዎ እዩ።

[#ምስ](#) ሞታለቃ ግርማ ወልደጊዮርግስ (ፕረዚደንት ሃገረ ኢትዮጵያ ነበር)፡ወዶም ካብ ኣስመራ ብዝመጸን ገለ-ገለ ዓበይቲ ወለዲ ኣብ መስርሕ ሰላም ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣድሂቦም ኣብ ማሕበር ሽማግለታት (ሰብ ዕድመ ጸጋ) ከም ወድ ማሕበር መጠን ስልኺ ክድውለሎምን መልእኽታቶም ከብፅሓሎምን ብሓደራ ዝሀቡኒ ዝነበሩ ለበዋታት ደዊለ ክሕብሮም ዕድል እረክብ ብምንባረይ- ብስልኺ ኣብ ዝገበርናዮ ርኽባት ብዙሕ ከም ልብና ከነዕልል ብዘይምክኣልና ሓደ መዓልቲ ብኣካል ክረኽቦም ዝነበረኒ መደብ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ከይሰለጠኒ ጊዜ ወሰደ።

*መርዓ ሞታለቃ ግርማን ወ/ሮ ሳሌም ጳውሎስን ኣብ ከተማ ኣስመራ።*



ሞታለቃ ግርማ፡ወላ እኳ ዕድመ ጸገብን ታሪኸኛ ኣቦን ተነበሩ ብዙሕ መረዳእታን ታሪኽን ሒዞም ሞት ርግምቲ መንጢላቶም ብክሳራታትና ሓዚነ እየ።እንተኾነ ሎሚ ሎሚ ግን ንጓሎም ወ/ሮ ሰናይ ጳውሎስ ክንዮ ብስልኺ ዝግበር ርኽባት ብኣካል ክረኽበን ብምክኣለይ ዳርጋ ደበስ ዝተደበስኩ እየ ኰይነ ዘሎኹ ክብል ይክእል'የ።

#ንማማ ሰናይት ጳውሎስ ንክረኽብ ግደ እንጅነር ግርማይ ተኽለሃይማኖትን ማማ ሰብለወንጌል ሓጎስን ኸቶ ዝነዓቕ ነገር ኣይኰነን እዩ።ስለዚ፡ነዞም ክልተ ክቡራት ወለዲ ብልቢ ከመስግኖም እፈቱ።

ማማ ሰናይት ጳውሎስ ጓል 87 ዓመት እየን።ሕማም ሽኮሪያ ድማ ኣላተን እያ።እዛ ሕማማ ከመይ ዓይነት ግናይ ሕማም ምኳና ኣይትስሕትዋን ትኾኑ ኢኹም እብል።ንማማ ሰናይት ድማ ንሳ ኣዳኺማተን እምበር ሓያል ኣደ እየን።እምብዛ ክዝክራ ክንዲ መዓት እየን።ሓያል ገምሪ ዝወነና እየን።

ንሰንን ሓፍተንን ማለት በዓልቲ ቤት ሞታለቃ ግርማ ወልደጊዮርግስ ዝኾና ወ/ሮ ሣሌም ጳውሎስ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ እየን ተወሊደን ተባሂሉ እናሻዕ ተዘሪቡ እዩ፤ኣብ ገለ መፅሓፍቲ ተኾነ ተጻሒፉ እውን እዩ።እንተኾነ ንሰንን ሓፍተንን ኣብ ከተማ እየሩሣሌም-እስራኤል እየን ተወሊደን።



ክቡራት ኣንበብቲ፡እቲ ሕመረት ጉዳየይ ብዛዕባ ኣምባሳደርን ቶርጓምን ነበር- ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ እኳ ተነበረ-ደቆም እውን ታሪኸኛታትን ብምኳን፡ ካባ ታሪኽ ዝለበሳ ኣዴታት ብምኳነን፡ንእግረ-መገደይ ብዛዕብኣን ክፈለጥ ክኢለ ኣሎኹ።


ወ/ሮ ሰናይት ጳውሎስ መንኣመኖ ሎሚ ሮብዕ ዝተልዓለ ስእሊ`ዩ።

እወ፡ማማ ሰናይት ብሰናይ ግብሪ ጳጳስ ሃገረ ግሪክ ኣብ ምድረ-ኢትዮጵያ ምስ ሻድሻይ ርእሰን (ስእሊ ናብ ግብፂ ክኸዳ ከለዋ ሳላ ኣደ ማህደር ታሪኽን ኣሳእልን ዝኾና ማማ ሰብለወንጌል ሓጎስ ኣሎ እዩ።) ኣብ ግብጺ ዕድል ትምህርቲ ዝረኸባን ናብ ዝለዓለ ብርኺ ትምህርቲ ናብ ስዊዝ ክኸዳ ዝነበረን መደብ ብኣቶ ኣካለወልድ ሃብተወልድ (ፀረ ትግርኛ ተዛረብቲ ምንባሮም ብርኽት ዝበሉ ኣደዳ ግናይ ግብሮም ዝኾኑ መስኪሮሞ ሓሊፎም እዮም) ክሰናኸል ዝከኣለን ክሳዕ ሎሚ ዕለት ዘጣዕሰን ጽምኢ ጕዕዞ ትምህርተን መሰናኸል ሕሱማት ኣጓኒፍዎ ብምስንኻሉ እናሻዕ ይሕምመን ምኳኑ ኣብ መንጎ ወግዕታትና ክርዳእ ጊዜ ኣይወሰደለይ እዩ።

ማማ ሰናይት ብመልክዕ ንወላዲ ኣቡኣን ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ እየን ዝመስላ።ኣቶ ጳውሎስ ኣብ ከተማ እንትጮ ተወለዲኦም።ነቶም ሃጸይ ዮሓንስ ኣስላማይ ዝነበሩ ወላዲ ኣብኦም ብሰናይ ፍቓዶም ናብ እምነት ክርስትና ብምልዋጥ ስሞም 'መንኣመኖ' ከም ዝተለወጠ ካብ ስድርኣን ዝተነግረን ታሪኽ ዘኪረን የውግዓ እየን።

ኣቶ ጳውሎስ ወለዶም ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ብምሟቶም፡ናብ ኣስመራ ኸዱ።ካብ`ኡ ኸኣ፡ኣብ ጥቓ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ እትርከብ እምኹሉ እትበሃል ታሪኻዊት ዓዲ-ዕድል ዘመናዊ ትምህርቲ ዝቐሰሙ ወከፍ እዮም።ን

ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ሱዳን፣ግብጽን ዓዲ እንግሊዝን ዕድል ማህደረ ትምህርቲ ተጓናጺፎም ነይሮም እዮም።ከም ቶርጓምን ዲፕሎማትን ድማ ንዓመታት ብልዑል ህዳሰን ሃንቃን ሰሪሖሙሉ እዮም።



*ኣብ መንበሪ ቤተን ካብ ዘሎዉ ብርክት ዝበሉ ኣሳእልን ብኸፊሉ ዘርእይ እዩ።*

*ኣብ እንዳ ሞታለቃን ኣብ ቤተ-መንግስትን ተኹነ ብርክት ዝበሉ ኣሳእል ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ ከም ዝርከቡ ይሕብራ እየ-ማማ ሰናይት።*

*ብዛዕባ እቶም ናብ ቤተ መንግስቲ ዝተወሰድ ሓደ ዓቢይ ዝኹነ ኣልበም-ኣሳእል ሓደ ወድ ኣደሬ ብሓደራ ዋልያን ብዝኣተወ ብኢድ በዓልቲ ቤቶም ንኣቶ ጳውሎስ ተዋሂብዎ ክነሱ-ንሱ እንተስ ንጃንሆይ ከፍቱ እንተስ መሲልዎ ናብ ቤተ መንግሥቲ ናይ እንዳማቱ ኣሳእል ናብ ኢድ ኢድ ጃንሆይ ኣረኺብዎ እዩ።*

ኣቶ ጳውሎስ፡ብዙሕ ዕንቃፋታትን መሰናኽላትን ድማ ከም ንቡር ብዝመስል መልክዑ ኣኅኒፍዎም እዩ።እቲይ ኹሉ ሃፍይቶምን ገንዘቦምን "ንባክታት ኢዮርሳሌም ገንዘብ ጳውሎስ ኣፃቢብዎ ኣሎ ሓቀይ፣" ከም ዝበልዎ ኣባ ሃና ናበይ ኣበለ፣ ንምንታይ ብመተት ክሞቱ ተገይሩ፣ንምንታይ ታሪኾም እባ ዘይለዓል፣ከመይ ነይሩ ባህሪኦም፣ክንደይ ወሊዶም፣ ወዘተ ካልእ ጊዜ ወይ ክምለሶ እየ ወይ ድማ ኣብ ሓዲኡ ካብ ዝፅሕፎ መጽሓፍተይ ደብቲረ ከስፍሮ`የ እብል።ንሕጂ ግን ናብ ካልእ ነጥበ-መዘራረቢ ከብለኹም እየ።

እወ፡ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ፡ወለዶም ኣስላም ዝነበሩን ንሶም ድማ ብኢንግልዛውያንን ብሽወደናውያንን ዘኽታም ብምኳን ዝተምሃሩን ብዙሕ ዝተሞኾሩን ዝሓለፉን ብምንባሮም ይኹን ብጻይ እኒ ፕሮፌሰር ተኣምራት ኣማኑኤል፣ብጻይ እኒ ኣቶ ገብረኽርስቶስ ተኽለሃይማኖትን ኣቶ ደስታ ተክለወልድን ብምንባሮም፣ንመትከል መርሐ መሰልን ማዕርነትን ሃይማኖትን ኣድሂቦም ብዙሕ ጎስጊሶምን ሒለትን ኢሎም እዮም።

ነዚይ መርኣያ ዝኾነና ድማ ኣብ ኢትዮጵያ መታን መሰልን ማዕርነትን ሃይማኖት ክሰፍን ኣንቂዶም፡ቅድሚ 110 ዓመት ኣቢሉ፡ሕልናዊ ዕዮ ግዲ ኾይንዎም ይጽሕፉን ይላበዉን ነበሩ-ነዚይ መርኣያ ዝኮነና ኸኣ፡ኣብ ከተማ ኣስመራ ትሕተም ኣብ ዝነበረት፡ጋዜጣ መልእኽቲ ሰላም ፅሑፋቶም ምርኣይ እኹል መረጼን እዩ እብል።

ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ ናብ ኣመሪካ ንልኡክ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ራእሲ ደስታ ዳምጠው መሪሖም ኣብ ዋሽንግተን ዝገበርዎ ብምጻሕን ዕላማ ጉዕዞምን ኣድሂቡ`ዩ።




ኣብ ጋዜጣ The New York Times ከም ዘሎ ንዓመታት እፈልጥ ብምንባረይ ኣባል እታ ጋዜጣ ብዘይምኳነይ ክረኽቦ ኣይከኣልኹን ነይረ፣እብዙይ ሰሙን እዙይ ግን ሓፍትና Genet T ዝግበር ገይራ ሰዲዳትላይ ኣላ፣እሞ ኣዚየ ከመስግና እፈቱ።

ብዛዕባ እዞም ኣርካን ምሁር ዝኾኑ ኣምባሳደር ጳውሎስ መንኣመኖን ስድራቤቶምን ክፈልጥ ዝነበረኒ ደርማስ ሰሃሮ ሳላ ኣምላኽን ጉዱሳት ወከፋትን ክውን

*ስለ ዝኾነለይ ደጊመ ንፈጣሪ ዓለም ብልቢ ከመስግን እፈቱ።*

***እቶም ግሪካዊ ጳጳስ ብሓዋርያዊ መገዲ ጉዕዞም፣ንእግረ-መገዶም ነዘን ሽዱሽተ ዝኾና ደቂ ዘኽታማት ደቂ ሰብ ውዕለት ዝኾነ ብዊንትኦም ዘስተምሃርዎን እየን።***

***ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ግብጺ ክኸዳ ከለዋ ዘርእይ ስእሊ ንግዚኡ ኣይለጠፍክዎን ኣሎኹ።ማማ ሰናይት ዝርከብኦ እዩ።***





*ማማ ሰናይት ጳውሎስ፣ንመጽሓፍ ክቡር ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ዘይብለይ መሲልዎን ክህባኒ ኢለን ካብ ዉሻጠ ቤተን ዘምፅኣኣ መፅሓፍ እያ።ግን ኣጋጣሚ ኰይኑ ሃሰው ቢለ ዝረኸብክዋ ስለ ዘሎኒ ኣይወሰድክዋን'የ።*

*"እትየ ሰናይት ንነጋድራስ ገብረሕይወት ናይ ማሕርሮ ዓርኮም ምኳኖም ትፈልጣ` ዶ፧" ምስ በልክወን ንብዓት ዓይነይ ቁፅርፅር በለን።ከምዙይ ድማ በላኒ "እዋእ፣ኣነ ሕጻን ከሎኹ እዩ ወላዲየይ ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖ ሞይቱ፣ግን እፈትዎም እየ።ብመልክዕ ተኾነ ንዓይ ግዲ ይመስሉ ነይሮም ኸኣ ክዝክሮም ከለዉ ይደፋነኒ እየ።ግን ድማ ሳላ ኣደይ ወላዲተይን ኣብ ቤትና ዝውጋዕ ዝነበረ ታሪኾም ሕብንቲ እየ።...~" ክብላ መለሳለይ።*

*ነጋድራስ ገብረሕይወትን ኣምባሳደር ጳውሎስ መንኣመኖን ዝነበሮም ፍቕርን ሓልዮትን ኣብ ወግዕታት ዓበይቲ ሰባት እናሰማዕናዮ ዝመፃእና ተኾነ ግን ፍሉይ ዘይተሰምዐን ዘይተበርበረን እንቅዓ ሓበሬታ ካብ ማማ ሰናይት ጳውሎስ ረኺበ እየ።ንሰን ወግዕታተን ብምውሳኽ ከኣ "ኣሽንባይ ነጋድራስ ገብረሕይወት እሙን ዓርኺ ኣቦይ ኰይኖም-ሲ ይትረፍ ብስርሖምን ብታሪኾምን ክፈትዎምን ከኽብሮን ይግበኣኒ እዩ።" በላኒ።*

*ማማ ሰናይት ዝክሪ ታሪኽ ወለደን ክትርኻ እንከለዋ፣ምሒር ተደናፊቓ እሞ ኣብ ሰልሚ ብርቱዕ ስምዒት ኣተዋ።ንብዓት ካብ ዓይነን ኰረር በለ።ኣነ ድማ ዓይኒ-ዓይነይ እናረኣኹ፣ነቱይ ብዙሕ ሓበሬታን ሚስጥራትን ወላዲኣን ኾነ ነጋድራስ ገብረሕይወትን 'ምስኣን ሒዘንኦ እንቋዕ፣ካብ'ዛ ከንቱ ዓለም፣ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣይሓለፋ እባ!` በልኹ ብልበይ።*

*ንግደ ሓቂ ኸኣ ማማ ሰናይት ጳውሎስ፣ኣዝዩ ዝገርም ታሪኽ ኣውጊዐናኒ ኣሎዋ እየን ኣብ ምዱብ ጊዚኡን ናብ ኣንበብቲ ክበፅሕ ኣምላኽ ዕድመን ጥዕናን ይሃበኒ እብል።*

ክቡራት ኣንበብቲ፡ነዛ ናዕታ ስምዒት ወሪሩኒ፡ኣብ ርእሲ ድኻመይ ክሕንጥጣ ዝተበገስኹ ሓጺር ፅሑፍ ኣብዙይ ደው ከብሎ እየ።

ንሎሚ ንከፊላዊ ናይ ኣጋ ምሸት ዉዕሎይን እዚ ይመስል።ኣይተስተውሓድዎ ኢኹም ክብል እረድይ።



- ማማ ሰናይት ጳውሎስ መንኣመኖ
- ማማ ሰብለወንጌል ሓጎስ ተወልደመድህን (ጓል ጓሎም ንሃለቃ ተወልደመድህን ገብሩ)
- እንጅነር ግርማይ ተኽለሃይማኖት (ወድ ሃለቃ ተኽለሃይማኖት ምሒርኻ)-ንመዘከርታ ካብ ዝሰኣልኽዎም ኣሳእል ዝተወስደ እዩ።

እዚኣ ኣብ ታሕቲ ዘላ ድማ ማህደር ታሪካውያን ኣሳእል ዝሓዘት ቆፎ ኣሳእል እያ።



ብኣብራሃም ብርሃነ